# ወግዓዊ ኤርትራውነት

## ብሄረ ጀበርቲ ኤርትራ ተረጋጊኡ ዶ፣

ብወደባት ግርማይ ኪዳነ(ወዲ ፍሊፖ)
ሚላኖ____ኢጣልያ፣

ይስሓብ ይመጠዋ፣ይንዋሕ ወዘተ___፣እቲ ዝተነገርና ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ምትግባሩ ይበጽሕ ኣሎ እሞ፣በየናይ ውዕልን ኣዋዓልትን ክግበር ከምዝኾነ ደረተይ ነፊሔ ርእይቶይ ክገልጸሉ ዪኽእል እየ።እዚ ኻኣ ነቲ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ዘሰጋገረ ብሽፈን ሃገራዊ ዋዕላ ዝተተለመን ዝተኳደደን ጥውይውያት ከመይ ከምዚ ነበረ፣ቡዙሕ ግዜ ከምዝሓበርኩዎ ሕጂ ውን መበገሲኡን ኣበገስቱን መን ብዓል መን ሌባ ምስ ቁጥሚ ሓደ ግጥሚ ከምዝባሃል እቲ ስም ዳኣ ይቀየር እንበር መቐጸልታ እቲ ዝራኣናዮ ሕሹኽሹኻት ከምዝኾነ ብምኒም ታኣምር ዝቕየር ኣይኮነን።

ኮይኑ ግን ፣ ካብ ዓሚ፣ይሓይሽ ሎሚ እንተኾነ ኢለ ንዝጋብኡ ግዱሳት ኤርትራውያን ከምቲ ንዓና ንሃገራዊ ዋዕላ ኢሎም ዓዲሞም ግዚያትናን ትምኒታትናን ከባኽንዎ ዝፈተኑ ከየዳግሙ ምእንቲ መጉርሒ ክኸውን፣ሓለምቲ ራእሰነት ካኣ ወላ ኣይንሳተፍ ኣይንጋባእ እንበር ጉዳይ ሃገርና ካብ ሕጂ ዘይኮነስ ልዕሊ ፍርቂ ክፍለ ዘመን ተኻታተልቱ ሙኳንና ኣይዘንጋዕ።

ታሪኽ መምህር እዩ፣

ሀ)ኤርትራ ሃገርና ኤርትራዊ ህዝብና ኣብዚ ጥርዙ ስሒቱ ወንበር ሺፍትነት ሳዕሪርሉ ዘሎ እዋን ህዝቢ ፍቕርን ሕውነትን ታሓባሓብነትን ዝነበርና ሎሚ መደበር ሁውከት መጥፍእ በረከት እንጽዋዓሉ ምብቅዕና እቲ ካብ ዘመነ መግዛእቲ እንግሊዝ ፣ህዝብና ንምፍንቓልን ንምምቃልን ተባሂሉ ዝተዘረወ መርዚ ሳኣን ምእላዩ ከምዝኾነ ታሪኽና ዝምስክሮ ሓቂ እዩ።

ኮይኑ ኻኣ ፣(ንኽምስላ ዕንድር ሓዲረን፣ኣብ ኣፍደገ ቤትጸሎት ይቕልቀላ) ከምዝባሃል ሓለምቲ ቀኘዝማችነት፣ደጃዝማችነት ፊቶውራሪነትን ብላታነትን ወዘተ___ኣብቲ ዝተኻየደ መበተኒና ውዲታት ከምዘይ ነበሩ ነቲ የዋህ ህዝቢ ንኽዳናግሩ፣ዋዕላ ቤትገርጊስ ገይሮም መጥፊኢና ዝገበርዎ ታሪኽ ዝምስክሮ ናይ ሳላሳ ዓመት ምድማይ ምስቶም ኣሕሊፎም ዝሃቡና ስርዓት ኢትዮጵያ ኃይለ ሥላሴን ደርግን ዝተኸፍለ መስዋእቲ፣እኹል ምስክር እዩ።

ተወዲኡ ዝበልናዮ መቐጸልታ

ናይቲ ዝሓለፈ ኮይኑ ሎሚ ኤርትራ ናይ ኣየኖት ኤርትራውያን ኮይና ከምዘላ ጠፊኡና

ኣሎ እንተተባሃለ ኣጋኑኖ ኣይኮነን።እዚ ጸገም እዚ ዘይምልላይና ኻኣ ድሕሪ እዞም ሽፋቱ ዝቕጽል ዝኾነ ይኹን ስርዓት ሱር መበገሲኡ ብባይቶ እንዳባ(ብሄራት)እንተዘይ ተበጊሱ ኣብ ዝሓሰሙ ሽፋቱ ኢድ ኣትዩ ቀሲልናዮ ንዘለና ከመንሸር እንተዘይኮይኑ ጥዕና ከምጽእ እዩ ኢልካ ምሕሳብ ኣብ ልዕሊ መሬት ዘሎ ሃዋህው ጠልጠል ኢልካ ምድባል ጥራሕ እዩ።

ኤርትራ ሃገርና

ደም ደቃ ኣፍሲሳ ኣዕጽምቶም ኣብ ሕቕፎኣ ኣተርኢሳ ትነብር ዘላ፣ክሳዕ ደቃ ዘይተለልየሉ ተሓሪማ ዘላ ካብ ሕጂ እቶም ደቃ(ብሄራታ)ኢድ ንኢድ ተታሓሒዞም እንሄና እንተዘዪሎማ ጽባሕ መኻን ሃገር ናይ ደቂ ነገር መዔንደሪት ንኸይትኸውን ዘሰክፍ እዩ እሞ፣እተን ብሄራት እንተለዋ እንሄና ክብላ ኣለወን።

ለ)ሃገርና ንኽትጠፍእ

ግዳይ ዝኾኑ፣ቀዳሞት ኣብ ዘበነ ጣልያን ብሄረ ኩናማ ምንባሮም፣ቐጺሉ ኻኣ ኣብ ዘመነ እንግሊዝ ኣብ ልዕሊ ደቂ ጀበርቲዝተፈጸመ ግፍዕታት መበገሲ ጭውየት ኤርትራ ምንባሩ ታሪኽ ኣዳዕዲዑ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ።

ሐ)ሰውራ ኤርትራ ሙሉእ ቃልሱ ኣብ ሺሕን ትሽዓተ ሚእትን ኣርብዓን ሓሙሽተን ኣቦታት ጀበርቲ ብ(ራቢጣ ኣልኢስላሚያ)ኢሎም እንተዘይጅምሩ፣ቃልሲ ኤርትራ ዝጅምሮ ምሃለወ ዶ፣ ኩሉ ንታሪኽ እሓድጎ።

ሕጂ ውን ከም ቀደም መቐጸልታ ናይቲ ዝሓለፈ ክፍኣታት መሰረት ዝኾነ ዋዕላ ቤትገርጊስ ፣ሃገራዊ ዋዕላ ኢሉ ጸዊዑ ድሕሪ ምሽክዕላል ሃገራዊ ጉባኤ ይብል ኣሎ እሞ እዚ ሃገራዊ ጉባኤ ብኸመይ ዋንነት ሃገር፣ናይ ህዝቢ ሙኻኑ ኣሚኑ ከረክብ ይሕሰብ፣ ንሙኻኑ ዋሃባይን ከላኣይን ንኽኸውን መን ወይ ኣየናይ ዋና ሃገር ዝኾነ ብሄር እዩ መዝነት ሂብዎ፣(ክሰርቀኒ ዝራኣኸዎ፣ክመልሰለይ ነይተጸበኸዎ)ዘሰምዕ ኮይኑ፣ሎሚ ዓደምቲ ከልከልቲ ኮይኖም፣ግርሰሳቕ እታኣክል ኣብ ጸገም ኤርትራውያን ኣበርክቶ(ሓልዮት)ዘየርኣዩ_ቤርገሳዊ ማሕበር_ክብሉ ጸኒሖም ኣማሳሕትን ተማሳሕትን ናይ ውራይ ኤርትራ ኣጋባእቲ ክኾኑ፣ኣየናይ ዋዕላ ቤትገርጊስ ንምድጋም እዩ፣

እቲ ጉባኤ፣ ከይተጀመረ ከሎ ናይቲ ግሕምጥና ዝተገበረ ዋዕላ ማቅጸልታ ከምዝኾነ፣ ብምውጣጥ ሓለምቲ ራእስነት ጥራሕ ዘይኮነሰ ምዱብ ኣጀንዳ ናይቲ ዝሓልምዎ ዘለዉ ራእስነት መሸፈኒ፣ነቲ ምዓልትታት መባኸኒ_እቲ ኣብቲ ዋዕላ ዘምጽእዎ (ካንዳዊ ዜጋ)፣ መምህር ተመኩሮ ፈዴራላዊ ምሕደራ ፣ከምታ ናይ ዋዕላ ኣብዛ ጉባኤ ድማ ዓዲሞሞ

ድሮ ኣብ ኢትዮጵያ ተራእዩ ኣሎ።ዓምስ ክልተ ምዓልቲ ኣባኺኑልና ሕጂ ኸ ክንደይ ምዓልቲ እዩ ኣባኺ ዘሎ፣

ዘገም ኢልና ንታዓዘብ ጥራሕ

ኣብ ዋዕላ ክዝረበለን ዘይተደለየ______

ንጽሩን ግሉጽን እንታዎት ብሄራት ኤርትራ እዩ።እዚ ካኣ ክልተ ዕማም ዘማለአ

1)ምርግጋጽ ከም ብሄርን ንውልዶ ተፈጥሮ ገስራጥ ሽፋቱ ህግደፍ(ራሻይዳ)ዘባሃሉ ሰበኽ ሳግም፣መውዓሊኦምን መሕደሪኦምን ዘይፍለጥ

2)ነታ መሰረት ሕማምን ቁስልን ሃገርናን ህዝብናን ልልይቲ፣ምጭዋይ መንነት ሃብታም ታሪኽ ኤርትራውነት(ጀበርቲ)ልዕሊ ሰብዓ ዓመት ታዓፊና ዘላ ንኽይትግለጽ

3)ብሰላሕታ ዝሕፈስ ዘሎ መርዛም ነቐዝ ሃገር ኤርትራንምብታን ኣብ ህንደዳ ምእመናን(ሃይማኖት)ጠልጠል ንምባል ሃይማኖታዊ ምንቅስቃሳት ም ትብባዕን፣ምርባሕን።

4)ብምንጻርን ምእማንን ብሄረ ጀበርቲ እንኽሰሶ ሓቂ ታሪኽ መዋእል ቃልስና ንኽይትንተን ፣ኣብዘመነ ብረታዊ ቃልስና ውን እንተኾነ ዝተፈጸመ ግፍዐታት ፈጸምቱ ንኽይፍለጥ ምሽፋን ምኽኒኑ እዩ

ሓቂ ሽፊንካ ሓቂ ክሰርሕየ ምባል
ኣብ ሃዋህው ተንጠልጢልካ ጥሩምባ ምድባል
ማለት እዩ፣

ኣብ ዝግበር ጉባኤ፣

ቡዙሓት ጀበርቲ ንኽካፈሉ

ቁሩብነቶም ተሰሚዑ______፣ኣነ ዝብለኩም ኣገናዕ ብርክኹም ትጽናዕ ትብል ጥራሕ እኮ እንተኾነት______ንሓለምቲ ራእስነት ግን ኣንጸላሊዕዎም ከምዘሎ እዩ ዝንገር ዘሎ።እሱ ካኣ ደቂ ጀበርቲ መንነቶምን መለለዪኦም ባህላዊ ክዳውንቶም ለቢሶም ንዝርእይዎም ሓለምቲ ራእስነትን መሰናበዲ ኮይኑ፣(ትንሳኤ ጀበርቲ ኤርትራ)ከይእወጅ ብራዐዲ ዝከታተሎ ዘሎ ስርርዕ ሽፍቱ ኤርትራ ውን ኖጎዳ ክኖጉድ ሙኽኒኑ ዝተረጋገጸ ሓቂ እዩ።

እቲ ክግበርን ክሕሰበሉን ዘለዎ ፣

ምስተን ልዕሊ ሰለስተ ዓመት፣መሰረት ዋንነት ሃገር ናይ ህዝቢ ምኽኑ ንምርግጋጽ ጽኒዔን ሰሚረን ዘለዋ(ዲሞክራሲያዊ ግንባር ብሄራት ኤርትራ)ማለት ብሄረ ኩናማ፣ብሄረ ሳሆ፣ብሄረ ዓፋር፣ብሄረ ጀበርቲ ካኣ ማዕረ ምዕርአን ተሰሪዑ ናይ ሕብረተሰቡ ውክልንኡ ንምርግጋጽ___ቅድሚ ኣብቲ ጉባኤ ተራኺቡ ክማኽርን ክላዘብን መታን ሓባራዊ ሕቶን ዘዕግብ መልስን ክርከብ።

እዚ ኣርባዕተ ብሄራት እዚ ኣዕጋቢ

ናይ ስድራታት ዋንናት ምርግጋጽ ጥራሕ ዘይኮነ ንኩለን ብመንነተን ኤርትራዊ

ብሄርነተን ዝታኣማመናን ዝሕበናን፣ኣብ ናይ ብዓል ደባልቀውን ሓለምቲ ራእስነት ተቖሪነን ዘይተርፉ ግንከ መኻይድቲ መላዝብትን፣ማዕረ ዓንዲ ተኺለን(ብሄራት ሃገረን)ታሓቛቝፈን ክነብራ ይኽእላ።

እዚ ሓይሊ ክሳዕ ዘይህልው ካኣ ሓደ ኣብ ልዕሊ ሓደ ክዕብልልን ክሽካዕልን ክምዝኽእል ዘይምርሳዕ፣ንእኽብካብ ሽፋቱ ህግደፍ ድማ ክንረትዖም ኢልና ዘይሕሰብ ኮይኑ ክጸንሓና እዩ።

ትግምግሙን ተስተውዑሉን ዶ ኣለኹም፣ በሺር ይስሓቕን ተወልደ ገብረስላሴን ዝብልዎ ዘለዉ ሕሹኽሹኽ ኣብ ፈቖዶ እንዳሻሂ እንዳባርን ዝዕለል ዘሎ ቡዙሕ እዩ፣ካብቲ ዝዕለል ክኣ፣(ብዝሒ ጀበርቲ ኣብዚ ተወሲኑ ዘሎ ጉባኤ ይራኣይ ኣሎ፣ደቂ ብሌን ዝዋሓደ ይኸውን ኣሎ።)

እዚ ምስትምሳልዚ፣ እንታይ ይሕብረና ምስ እንብል፣እቲ ንውክሎ ዝብልዎ ውድብ ህላዌ ክምዘይብሉ እሞ ኣብቲ ተሓሻሹኾም ዘለዉ መደብ፣ምስንዳው መተካእታ ሽፋቱ ህግደፍ መንግስቲ ንኽምረጹእኹል ድምጺ ክረኽቡ ክምዘይክእሉ እሞ መእወዪ ባይታ ክኾኖም ንደቂ ብሄሮም ብሌን መጣርዒ ክጥቀሙሎም ስለዝደልዩ ምኽኑ ኣሹንኳይ ዝመራመር ብድቃስ ዝተዋሓጠ ውን ዝርእዮ እዩ።እዚ ዘብለኒ ኻኣ ፌደራልያ እየ ሳግም እየ መተካእታ ህግደፍ ብቑዕ እየ፣ክብሉ እንከለዉ እቲ ፈደራልያን ሳግምን ብብሄረ ብሌን ዝተመረቐ ስለ ዝነበረ ድዩ፣ንሙኻን ዳርጋ ስለስተ ዓመት ይኸውን ምንቅስቓስ ብሄረ ብሌን ክግለጽ ጸኒሑ ክምዝነበረ ኩሉና ዝሰማዕናዮ
ሓቂ ክኸውን እንከሎ ኣብቲ ዳሃይ ዝሃበሉ___እንታይ ናይ ምሕያሉን ምትብባዑን ዝገበርዎ ኣሎ፣ውይስ ርእሰ ብሌንነት ዘይንፈልጦ ትምክሕቲ ወይ ዝተመረቐሎም ቀጽሊ ኣሎ፣

መልሳ ንደቂ ብሌን እሓድገሎም፣

(ጉዳም ኪዳን፣ መራሕታ ክኾኑ ዕጣን ዘብል እዩ)

መደምደምታ፣ ህዝቢ ኤርትራ እቲ ዝጋባእ ወኪልና እዩ፣ሓላፊና እዩ ክብል እንተዳኣ ኮይኑ እቲ ሓልዮት ንስድራቤታታ ኣዕጋቢ ክኾነሉ ተፈላሰፍቲ ዘይኮኑ ሓልዮት ስድራ ዘለዎም ትርጉም ህዝብን ስድራቤትን ኣገናዚቦም ዝኸዱ ፣ኣብ ኤርትራ ኻኣ እቲ ስድራ ቤት ዋንነቱ ተዘሚቱ ምህላዉ ንተዘምቶ ዘረክብዎ ዳኣእንበር ዳሓር ክህበካ(ከረክበካ)እየ

ንሕጂ ስገደለይ ዝብሉ ኣይኮነን ዝደሊ ዘሎ እሞ፣ወከልቲ ስድራ ቤት ብሄራት ከምዝኾና እምነት ነቕ ክብል የብሉን፣እተን ብሄራት ካኣ ልዕሊ ወላዲ ኣነየ ኣቦ፣ክብልዝኽእል ስለ ዘየሎ ህዝቢ ክባሃል እንክሎ፣ናይ ህዝበን ወከልቲ ንሳተን ዳኣ እንበር ፖሎቲካ ሕሹኽሻኺ ኣብ ልዕሊአን ሓላይ ህዝቢ ወናን ህዝቢ ክህልው ክፈቕዳን ኣይግባእን፣(ፖሎቲካ መሳርሒ ህዝቢ ዳኣ እንበር፣ህዝቢ መሳርሒ ፖሎቲካ ክኸውንኣይግባእን) እንተዳኣ ዋንነት ሃገር ናይ ህዝቢ ዝእመን ኮይኑ።ህዝቢ ኤርትራ ከምቲ ኩሉ ህዝቢ ዓለም(ብዘይካ ደባልቆ ኣመሪካ)መለለዪኡ መንነቱ ብሄሩ ኣለዎ።ነዚ ኣሚና ተኣማሚና ካኣ ብኤርትራውነትና ንሕበን፣ንክንሕበን እንባኣር እቲ ክስዕ ሕጂ ንሰብዓ ዓመት መርዛም ነቐዝ ኮይኑዘሎ ቁስሊ ኤርትራ ተፈዊሱ ይሓውይ ኣሎ ክባሃል እንተኾይኑ ብሄረ ጀበርቲ ምስ ብሄራት ኤርትራ ማዕረ ማዕረ ተሰሪዑ ወግዓዊ ህላዊኡ ከስምዕ ሓደራ ክባሃል ዘይኮነስ ሓላፍነትን ብሓላፍነት ትሓታትነት ከምዘለዎ ኣይዘንጋዕ እሞ ንርእይቶይ ኣዕጋቢ መልሲ

(ሃየ ደቂ ጀበርቲ፣ሕጂ እያ እታ ወቕቲ)

ኢለ ብርዔይ የልዕል፣ ሰናይ ቅነ፣ክሳዕ ብሚዛን ሓቂ ንዳነ።

ወደባት ግርማይ ኪዳነ(ወዲ ፊሊፖ)

ሚላኖ______ኢጣልያ